# ቅዋም ኤርትራ

# ቅዋም ኤርትራ

ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዝጸደቐ

## ትሕዝቶ


መቕድም 3

ምዕራፍ ሓደ - ሓፈሻዊ ድንጋጌታት 5

ምዕራፍ ክልተ - ሃገራዊ ዕላማታትን መራሒ መትከላትን 8

ምዕራፍ ሰለስተ - መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ግቡኣትን 12

ምዕራፍ ኣርባዕተ - ሃገራዊ ባይቶ 23

ምዕራፍ ሓሙሽተ- ፈጻሚ ኣካል 29

ምዕራፍ ሽዱሽተ - ምምሕዳር ፍትሒ 36

ምዕራፍ ሸውዓተ - እተፈላለየ ድንጋገታት 39

# መቕድም

ንሕና፣ እዞም ብናይ ሓባር ቃልሲ ንመሰልናን ሓደ መጻኢናን ስሙር ሃገር ዝኾንና ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብቲ ንነዊሕን ዝናዊ ታሪኽ ዝተሰርሓሉን ሓርነታዊ ሰውራ፣ ምእንቲ ናጽነትናን መሰልናን ህይወቶም ንዝበጀው ዓሰርተታት-ኣሽሓት ጀጋኑ ሰማእታትናን፣ ንጽንዓት ኩሎም ሓርበኛታት ኤርትራውያንን እናመጎስናን፣ ኣብቲ ዘውረሱና ናይ ሓድነትን ፍትሕን ተሪር ምድሪ ረጊጽናን፣-

- ነዚ ብብርቱዕ ገድሊ ዝተረኽበ ናጽነትን ሓድነትን፣ ሰላምን ርግኣትን ምክልኻልን፣ ድልድልትን ስልጥንትን ሃገር ብምህናጽ ምዕቃቡን ምምዕባሉን፣ ቅዱስ ግቡእ ዜጋታት ምዃኑ ብምግንዛብ፣

- ምዕብልቲ ሃገር ንምህናጽ፣ እቲ ኣብ ሓርነታዊ ሰውራና ዘማዕበልናዮን ዘዐወተናን፣ ናይ ሓድነትን ማዕርነትን፣ ፍቕሪ ሓቅን ፍትሕን፣ ርእሰ-ምርኮሳን ፍቕሪ ስራሕን… ክብርታት ሕመረት ሃገራዊ ክብርታትና ክኸውን ከም ዘሎዎ ብምርዳእ፣

- ናይ ሕብረተሰብና ጽቡቕ ናይ ኮማዊ ምትሕግጋዝ፣ ፍቕሪ ስድራቤት፣ ኣኽብሮት ንሽማግለታት፣ ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ምክብባርን ያታዊ ክብርታት ምውራሱን ምስሳኑን፣ ንምዕባለን ጥዕየትን ሕብረተሰብና ኣድላዩ ምዃኑ ብምምልካት፣

- መሰል ዜጋታት፣ ሰብኣዊ ክብረት፣ ማዕርነትን ምዕሩይ ምዕባለን ዘውሕስ፣ ናይ ዜጋታት ነገራውን መንፈሳውን ድልየት ዝረውየሉ ኩነታት ዘጣጥሕ፣ ኣብ ድልየት ህዝብን ረብሕኡን ተሳትፎኡን እተመስረተ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ምትካል፣ ንቑጠባዊ ምዕባለ፣ ንማሕበራዊ ስኒትን ግስጋሰን መሰረት ምኳኑ ብምርግጋጽ፣

- ቅያ ዝመልኣ ተሳትፎ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ ንሓርነትን መሰልን፣ ከምኡ'ውን ኣብዚ ቃልሲ እዚ ኣብ መንጎ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ዝማዕበለ ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን እተመስረተ ጽኑዕ ምሕዝነትን፣ መሰረት ዘይንቕነቕ መብጽዓናን ቃልስናን ንማዕርነትን ምሕዝነትን ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ምኳኑ ብምግንዛብ፣

- ንህይወትናን ህይወት መጻኢ ወሎዶታትናን ዝሰርዕን ዝገዝእን፣ ፍትሕን ሰላምን ዘስፍን፣ ኣብ ደሞክራስን ሃገራዊ ሓድነትን እተሰረተ፣ ግዝኣተ ሕጊ ዘንግስ ቅዋም ከም ኪዳን ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እቲ ብፍታውና እነቑሞ መንግስትናን ክኸውን ብምድላይ፣

- ሎሚ 23 ግንቦት 1997፣ ኣብዚ ታሪኻዊ ዕለት እዚ፣ ድሕሪ ሰፊሕ ህዝባዊ ክትዕ፣ ብመገዲ ቅዋማዊ ባይቶ፣ ከም ዝለዓለ ሕጊ ናጻን ልኡላዊትን ሃገርና ኤርትራ፣ ነዚ ሃገራዊ ቅዋም እዚ ብወግዒ ንቕበሎን ነጽድቖን ኣለና።

# ምዕራፍ ሓደ - ሓፈሻዊ ድንጋጌታት

## ዓንቀጽ 1 - ሃገረ-ኤርትራን ክሊ ግዝኣታን

1. ኤርትራ፡ ደሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝመሰረታ፡ ብግዝኣተ-ሕጊ እትመሓደር ናጻን ልኡላዊትን ሃገር እያ።

2. ሃገራዊ ግዝኣት ኤርትራ፡ ነቲ ፍሉጥ ዝዶባቱ መሬት፡ እንተላይ ማያዊ ክሉን ደሴታቱን ክሊ ኣየሩን የጠቓልል።

3. ኣብ ሃገረ-ኤርትራ ልኡላዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ እዩ። እዚ ቅዋም እዚ ብዝእዝዞ ስርዓት ኣቢሉ ኸኣ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

4. እቲ ንልኡላዊ ስልጣን ህዝቢ ወኪሉ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምስረት መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣሳታፍን ድልዱልን ትካላት ብምህናጽ፡ ንብቑዕ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት መሰረት ይኸውን።

5. ኤርትራ ብኣሃዱኣዊ መንግስቲ ናብ ዞባዊ ምምሕዳራት ተኸፋፊላ ትመሓደር። እቲ ዞባዊ ምምሕዳራት ዝህልዎ ኣቃውማን ስልጣንን ከኣ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 2 - ልዕልና ቅዋም

1. እዚ ቅዋም እዚ ሕጋዊ መግለጺ ልኡላውነት ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

2. እዚ ቅዋም እዚ፡ መንግስቲ ዝምስረተሉን ዝምረሓሉን መሰረታዊ መትከላት የነጽርን፡ ኣቃውማኡን ኣካይዳኡን ይውስንን። በዚ ከኣ ምንጪ ሕጋውነት መንግስትን፡ መሰረት ንምሕላው መሰልን ክብረትን ዜጋታትን፡ ከምኡ'ውን መሰረት ንፍትሓዊ ኣመሓዳድራ ይኸውን።

3. እዚ ቅዋም እዚ፡ እቲ ዝለዓለ ሕግን ምንጪ ናይ ኩሉ ሕግታትን ሃገረ-ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ኣንጻር ፊደሉን መንፈሱን ዝኸይድ ዝኾነ ይኹን ሕጊ፡ ትእዛዝ ወይ ተግባር ፍሩስ እዩ።

4. ኩሎም ኣካላት መንግስትን፡ ከምኡ'ውን ኩሎም ማሕበራትን ትካላትን ዜጋታትን፡ ነዚ ቅዋም እዚ እሙናት ክኾኑን ክምእዘዙን፡ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓሉ ሓልፍነት ክስከሙን ኣለዎም።

5. እዚ ቅዋም እዚ፡ ኣብ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ቅዋማዊ ባህሊ ንምምዕባልን፡ መሰልን ግቡእን ዜጋታት ንምኽባርን መሰረት ይኸውን።

## ዓንቀጽ 3 - ዜግነት

1. ካብ ኤርትራዊ ኣቦ ወይ ኤርትራዊት ኣደ እተወልደ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ብትውልዲ እዩ።

2. ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋ፡ ሕጊ ብዝውስኖ መሰረት ኤርትራዊ ዜግነት ክወስድ ይኽእል።

3. ንዜግነት ዝምልከት ዝርዝር ሕግታትን ቅጥዕታትን ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 4 - ሃገራዊ ትእምርትታትን ቋንቋታትን

1. ሃገራዊት ባንዴራ ኤርትራ ወርቃዊ ኣቜጽልቲ ኣውሊዕ ዘለዋ፡ ቀጠልያን ቀይሕን ሰማያውን ዝምድራ እያ። ዝርዝራ ብሕጊ ይውሰን።

2. ኤርትራ፡ ንታሪኽን ሃንቀውታን ህዝባ ዘንጸባርቕ፡ ብሕጊ ዝውሰን ሃገራዊ መዝሙርን ኣርማን ይህልዋ።

3. ኣብ ኤርትራ፡ ማዕርነት ኩሉ ኤርትራዊ ቋንቋታት እተሓለወ እዩ።

## ዓንቀጽ 5 - ንጾታ ዝምልከት ኣጸሓሕፋ

እዚ ቅዋም እዚ፡ ጾታዊ ኣጸሓሕፋኡ ብዘየገድስ፡ ኩሉ ዓንቀጻት ንኽልቲኡ ጾታታት ብማዕረ ይምልከት።

## ምዕራፍ ክልተ - ሃገራዊ ዕላማታትን መራሒ መትከላትን

### ዓንቀጽ 6 - ሃገራዊ ሓድነትን ርግኣትን

1. ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ስምርትን ስልጥንትን ሃገር ንምህናጽ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ፡ ንብዙሕነት ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ንዝብል መትከል ከም መራሒ መትከል ይወስድዎ።

2. መንግስቲ፡ ብተሳትፎ ኩሉ ዜጋ፡ ብደሞክራሲያዊ ልዝብን ሃገራዊ ሓባራዊ መረዳእታን ብምምዕባልን፡ ናይ ሓድነትን ማሕበራዊ ስኒትን ድልዱል ፖለቲካውን ባህላውን ሞራላውን ሰረት ብምህናጽ፡ መሰረት ሃገራዊ ርግኣትን ምዕባለን የደልድል።

3. መንግስቲ፡ ብቑዓትን ኣሳተፍትን ትካላት ብምፍጣር፡ ንእተመጣጠነ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ዘውሕስን ዘቃላጥፍን ምቹእ ሰላማውን ርጉእን ኩነታት የረጋግጽ።

### ዓንቀጽ 7 - ደሞክራሲያዊ መትከላት

1. ምርግጋጽ ሰፊሕን ንጡፍን ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባህላዊ ህይወት፡ መሰረታዊ መትከል ሃገረ-ኤርትራ እዩ።

2. ኩሉ ንሰብኣዊ መሰላት ደቀንስትዮ ዝግህስ፡ ንተራእንን ንተሳታፍነተንን ከኣ ዝድርትን ዝዕንቅፍን ተግባር ክልኩል እዩ።

3. ኣበየ ኣከባቢኡ ተበግሶን ተሳትፎን ህዝቢ ዘረጋግጽን ዘደንፍዕን ትካላት ይምስረት።

4. ኩሉ ኤርትራዊ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ብመሰረት ቅዋምን ኣብ ትሕቲኡ ዝድንገግ ሕግታትን፡ ኣብ ኩሉ ናይ መሪሕነት ቦታ ንምስታፍ ማዕረ ዕድል ይህልዎ።

5. ናይ መንግስትን ናይ ኩሉ ውድባትን ትካላትን ኣሰራርሓ ግሉጽን ተሓታትን ይኹውን።

6. ኩሉ ፖለቲካዊ፡ ህዝባዊ ማሕበራትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ኣወዳድባኡን ተግባራቱን ብመትከል ሃገራዊ ሓድነትን ደሞክራስን ይምራሕ።

7. መንግስቲ፡ ናጻን ነቐፌታውን ኣተሓሳስባ፡ ምጽውዋር፡ ሓባራዊ መረዳእታ፡ ዝመለለይኡ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ባህሊ ንምምዕባል ምቹእ ኩነታት ይፈጥር።

## ዓንቀጽ 8 - ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ

1. መንግስቲ፡ ንመሰል ማሕበራዊ ፍትሕን ቁጠባዊ ሞዕባለን ናይ ዜጋታት ዘዕግብ ኩነታት ንምፍጣርን፡ ነገራውን መንፈሳውን ድልየታት ህዝቢ ንምርዋይን ይጽዕር።

2. መንግስቲ፡ ኣብ መላእ ሃገር ዝዝርጋሕ ምዕሩይን ቀጻልነት ዘለዎን ምዕባለ ንምምጻእ ይሰርሕ። ህዝቢ ብተሳትፎኡ

መነባብሮኡ ብቐጻሊ ንኽመሓይሽ ከኣ መንግስቲ ብዝከኣሎ ዘበለ ይጽዕር።

3. መንግስቲ፡ ሃብቲ መሬትን ባሕርን፡ ኣየርን ማይን፡ ብውዱንን ቀጻልነት ብዘለዎን ንረብሓ ህሉውን መጻእን ወሎዶታት ብዘረጋግጽን መገዲ ንኽመሓደር፣ ህዝቢ ድማ ኣብ ምሕላው ኣከባቢኡ ንኽሳተፍ ኣድላዩ ኩነታት ከጣጥሕ ሓላፍነት ኣለዎ።

## ዓንቀጽ 9 - ሃገራዊ ባህሊ

1. መንግስቲ፡ መግለጺ መንነትን ሓድነትን ግስጋሰን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሃገራዊ ባህሊ ንምምዕባል፡ ምቹእ ኩነታት ክፈጥርን ክድርኽን ሓልፍነት ይህልዎ።
2. መንግስቲ፡ ናይ ኮማዊ ሓልዮት ፍቕሪ ስድራቤትን ክብርታት የተባባዕ።
3. መንግስቲ፡ ስነ-ጥበባት፡ ስነ-ፍልጠት፡ ቴክኖሎጅን ስፖርትን፡ ዝድንፍዓሉ፡ ክኢላታት ብሓርነት ዝዓየሉን መሃዝነቶም ዝገልጽሉን ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር ይጽዕር።

## ዓንቀጽ 10 - ብቑዕ ፍርዳዊ ስርዓት

1. ፍርዳዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ብቅዋምን ብሕግን ዝምራሕ፡ ናጻን ብቑዕን ተሓታትን ይኸውን።

2. ኣብያተ-ፍርዲ፡ ንቕልጡፍን ርትዓውን ብያነ ዘገልግል፡ ህዝቢ ብቐሊሉ ዝርድኦን ዝጥቀመሉን ስርዓት ይህልዎ።

3. ኣብያተ-ፍርዲ፡ ካብ ብልሽውናን ኣድልዎን ሓራ ይኾኑ፡ ንኹሉ ብዘይ ኣፈላላይ ዝዳኒ ክሽውን ሓላፍነት ይስከም።

4. መንግስቲ፡ ጉዳያትን ክርክራትን ብፍትሓዊ መገዲ ብሽምግልናን ብዕርቅን ክፍታሕ የተባብዕ።

## ዓንቀጽ 11 - ብቑዕ ምምሕዳር

1. ኣብ ኤርትራ ዝህሉ ምምሕዳር፡ ንህዝቢ ዘገልግል፡ ብቑዕ ትካላት ዘለዎ፡ ስሉጥን ተሓታትን ይኸውን።

2. ኩሉ ምምሕዳራዊ ትካል፡ ካብ ብልሽውናን ካብ ኣድልዎን ካብ ምድንጓይን ሓራ ኾይኑ፡ ንህዝቢ ስሉጥን ርትዓውን ኣገልግሎት ይህብ።

## ዓንቀጽ 12 - ሃገራዊ ምክልኻልን ጸጥታን

1. ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ኤርትራ፡ ንቅዋምን ብእኡ መሰረት ንዝቐውም መንግስትን እሙናት ይኾኑን ይእዘዙን።

2. ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ካብ ሕብረተሰብ ዘይተነጸሉ፡ ኣፍረይትን ኣኽበርቲ ህዝብን ክኾኑ ኣለዎም።

3. ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን፡ ብሕጊ ዝግዝኡ፡ ተሓተትን ብቑዓትን ክኾኑ ኣለዎም።

4. ምክልኻልን ጸጥታን ኤርትራ ኣብ ህዝብን ተሳትፎኡን እተመሰረተ እዩ።

## ዓንቀጽ 13 - ፖሊሲ ወጻኢ

ናይ ኤርትራ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ፡ ኣብ ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ረብሓ ዞባውን ኣህጉራውን ሰላም፡ ምትሕግጋዝ፡ ምርግጋእን ምዕባለን እተመስረተ እዩ።

# ምዕራፍ ሰለስተ - መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ግቡኣትን

## ዓንቀጽ 14 - ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ

1. ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዩ።

2. ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ኣብ ዓሌት፡ ኣብ ኤትኒካዊ መበቆል፡ ኣብ ሕብሪ፡ ኣብ ጾታ፡ ኣብ ቋንቋ፡ ኣብ ሃይማኖት፡ ኣብ ስንክልና፡ ኣብ ዕድመ፡ ኣብ ሃይማኖት፡

ኣብ ስንክልና፡ ኣብ ዕድመ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ደረጃን ካልእ ዘይግቡእ ረቋሒታትን እተመስረተ ኣድልዎ ኣይግበርን።

3. ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ንዘሎ ዘይማዕርነት ንምውጋድ ዝሕግዝ ሕግታት የውጽእ።

## ዓንቀጽ 15 - መሰል ህይወትን ናጽነትን

1. ዝኾነ ሰብ፡ ብዘይ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ህይወቱ ኣይስእንን።

2. ዝኾነ ሰብ፡ ብዘይ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ናጽነቱ ኣይንፈግን።

## ዓንቀጽ 16 - መሰል ሰብኣዊ ክብረት

1. ናይ ዝኾነ ሰብ ሰብኣዊ ክብረት ኣይድፈርን።

2. ንዝኾነ ሰብ፡ ምስቓይ፡ ብጭካነን ውርደትን ዘይሰብኣዊ መገድን ምሓዝን ምቕጻዕን ክልኩል እዩ።

3. ዝኾነ ሰብ፡ ብግልያነት ወይ ብግዲ ብምዕሳብ ክቑረን፡ ወይ'ውን ሕጊ ብዘይፈቕዶ ብሓይሊ ክዓዩ ኣይፍቀድን።

## ዓንቀጽ 17 - ማእሰርትን ቀይድን ፍትሓዊ ፍርድን

1. ንዝኾነ ሰብ፡ ብዘይ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ምእሳር ወይ ምቕያድ ኣይፍቀድን።

2. ዝኾነ ሰብ፡ ገበን ፈጺሙ ኣብ እተባህለሉ እዋን ኣብ ግብሪ ብዘይወዓለ ሓድሽ ሕጊ ኣይክሰስን፡ ኣይቅጻዕን።

3. ዝኾነ ሰብ፡ ምኽንያት መእሰሪኡን ምስተኣሰረ ዘለዎ መሰልን ብዝርድኦ ቋንቋ ክግለጸሉ ይግባእ።

4. እተኣስረ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓት፡ ወይ ከምኡ ንምግባር ዘይከኣለሉ ቅቡል ምኽንያት ምስ ዝህሉ ድማ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ኣለዎ። ብዘይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኸኣ ካብኡ ንላዕሊ ክተሓዝ ኣይክኣልን።

5. ኩሉ ሰብ ናብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ንምቕራብ መሰል ጥርዓን ኣለዎ። እቲ ዝኣሰረ በዓል ስልጣን፡ ንእሱር ናብ ቤት ፍርዲ ምስ ዘየቕርቦን ምኽንያት መእሰሪኡ ምስ ዘየቕርብን፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ጥርዓን ተቐቢሉ እሱር ክልቀቕ ይእዝዝ።

6. ዝኾነ ሰብ፡ ጉዳዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብፍትሓውን ብቕልጡፍን ግሉጽን መገድን ክስመዓ መሰል ኣለዎ። ቤት ፍርዲ፡ ሓደ ጉዳይ፡ ኣብ ሓደ ፍትሓውን ደሞክራሲያውን ሕብረተሰብ፡ ብምኽንያት ስነ-ምግባር

ወይ ብምኽንያት ሃገራዊ ጸጥታ ብግህዶ ክስማዕ ዘየብሉ ምስ ዝኸውን፡ ንማዕከናት ዜናን ንህዝብን ካብ ምሉእ ወይ ክፋል ናይቲ ጉዳይ ክእግዶም ይኽእል።

7. ክሱስ፡ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ምኳኑ ክሳዕ ዝረጋገጽ ከም ንጹህ ይውሰድ። ክቕጻዕ ከኣ ኣይክእልን።

8. ክሱስ ብዝተፈርደ መሰል ይግባይ ይህልዎ። በቲ እተፈረደሉ ጉዳይ ከኣ ከም ብሓድሽ ኣይክሰስን።

## ዓንቀጽ 18 - መሰል ብሕትና

1. ኩሉ ሰብ መሰል ብሕትና ኣለዎ።

2.

    ሀ. ዝኾነ ሰብ፡ ብዘይ ግቡእ ምኽንያት ኣካላቱ ክፍተሽ፡ ቤቱ ወይ ንብረቱ ክጉርጎር ወይ ክእቶ፡ ከምኡ'ውን ርክባቱን ምጽሒሓፉን ካልእ ንብረቱን ክድፈር ኣይፍቀድን።

    ለ. ምፍታሽ ዘፍቅድ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝፍተሽ ቦታን ዝተሓዝ ሰብን ንብረትን ዝገልጽ ብማሕላ እተደገፈ ምኽኑይ ጥርጠራ ምስ ዝህሉ ጥራይ ይወሃብ።

## ዓንቀጽ 19 - ሓርነት ሕልና፡ እምነት፡ ምግላጽ ርእይቶ፡ ምንቅስቓስ፡ ምእካብን ምውዳብን፡

1. ኩሉ ሰብ፡ ናይ ሓሳብ፡ ናይ ሕልናን እምነትን ሓርነት ኣለዎ።

2. ኩሉ ሰብ፡ ናይ ምዝራብን ሓሳብ ምግላጽን፡ ናይ ፕረስን ካልኦት ማዕከናትን ሓርነት ኣለዎ።

3. ኩሉ ዜጋ፡ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

4. ኩሉ ሰብ፡ ዝኾነ ሃይማኖት ናይ ምኽታልን ምዝውታርን መሰል ኣለዎ።

5. ኩሉ ሰብ፡ ብሰላማዊ መገዲ ናይ ምእካብን ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ምግባርን መሰል ኣለዎ።

6. ኩሉ ዜጋ፡ ንፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ባህላውን ዕላማታት ውድባት ከቕውም መሰል ኣለዎ።

7. ኩሉ ዜጋ፡ ዝኾነ ዜጋ ሕጋዊ ሞያን ጥበብን ከካይድን ከዘውትርን መሰል ኣለዎ።

8. ኩሉ ዜጋ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ብሓርነት ናይ ምንቅስቓስን ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ኤርትራ ናይ ምንባርን መሰል ኣለዎ።

9. ኩሉ ዜጋ፡ ካብ ኤርትራ ናይ ምውጻእን ናብ ኤርትራ ናይ ምምላስን፡ ፓስፖርት ወይ ካልእ ሰነዳት መገሻ ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀጽ 20 - መሰል ምድማጽን ኣብ ምርጫ ምውድዳርን

ኩሉ ዜጋ፡ ሕጊ ምርጫ ብዘፍቅዶ መሰረት ክመርጽን ኣብ ምርጫ ክወዳደርን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀጽ 21 - ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ መሰላትን ሓልፍነታትን

1. ኩሉ ዜጋ፡ ብመንግስቲ ብዝወሃብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ምጥቃም ማዕረ መሰል ኣለዎ። መንግስቲ ኸኣ፡ ናይ ጥዕና፡ ናይ ትምህርቲ፡ ናይ ባህልን ካልእን ኣገልግሎትን ናብ ኩሉ ምእንቲ ኽባጻሕ ብዘለዎ ዓቕሚ ይጽዕር።

2. መንግስቲ፡ ዓቕሙ ክሳዕ ዘፍቀደሉ፡ ናይ ዜጋታት፡ ብፍላይ ከኣ ጽጉማት ዜጋታት፡ ማሕበራዊ ድሕነት የረጋግጽ።

3. ኩሉ ዜጋ፡ ኣብ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብሓርነት ክሳተፍን ዝመረጾ ሕጋዊ ስራሕ ወይ ዋኒን ከካይድን መሰል ኣለዎ።

4. መንግስትን ሕብረተሰብን፡ ታሪኻውን ባህላውን ውርሻታትን ቅርስታትን ንምልላይን ምዕቃብን፡ ከከም ኣድላይነቱ ድማ ንምምዕባሉን፡ ከምኡ'ውን ንምትሕልላፉ ሓልፍነት ኣሎዎ። ንምዕባለ ስነ-ጥበብ፡

ስነ-ፍልጠት፡ ሰነ-ኪነትን ስፖርትን፡ ምቹእ ኩነታት ብምፍጣር ከኣ ተሳታፍነት ዜጋታት የተባብዕ።

5. ሃገራዊ ባይቶ፡ ማሕበራዊ ድሕነት ዜጋታት፡ መሰላትን ኩነታትን ዕዮን ካልእ ኣብዚ ዓንቀጽ እዚ እተጠቕሰ መሰላትን ንምርግጋጽን ንምትግባርን ሕግታት የውጽእ።

## ዓንቀጽ 22 - ስድራቤት

1. ስድራቤት ናይ ሕብረተሰብ ባህርያዊትን መሰረታዊትን ኣሃዱ እያ። ብሕብረተሰብን ብመንግስትን ከኣ ክትሕሎን ክትሕብሓብን ይግባእ።
2. ብሕጊ ዝኣኸሉ ሰብኣይን ሰበይትን፡ ብናጻን ብምሉእ ፍቓዶምን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎን ክምርዓውን ስድራቤት ክምስርቱን መሰል ኣለዎም። ኣብ ኩሉ ጉዳይ ስድራ ቤት ከኣ ማዕረ መሰልን ግቡእን ኣለዎም።
3. ወለዲ ንደቆም ብግቡእ እናኹስኰሱን እናተኸናኸኑን ከዕብይዎም መሰልን ግዴታን ኣለዎም። ውሉዳት ከኣ ብግዲኦም ንወለዶም ከኽብሩን ምስ ዝሽምገሉ ክሕግዙዎምን መሰሎምን ግዴትኦምን እዩ።

## ዓንቀጽ 23 - መሰል ንብረት

1. ኣብ ናይ'ዚ ዓንቀጽ እዚ ንኡስ-ዓንቀጽ (2) እተደንገገ ከም ዘሎዎ ኾይኑ፡ ዝኾነ ዜጋ፡ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ

ኤርትራ፡ ብውልቂ ወይ ብሓባር ምስ ካልኦት፡ ንብረት ንምጥራይን ንወረስቱ ንምትሕልላፍን መሰል ኣሎዎ።

2. መሬትን ኩሉ ባህርያዊ ሃብትን ንብረት መንግስቲ ኮይኑ፡ ዜጋታት ኣብ መሬት ዝህልዎም ናይ ተጠቃምነት መሰል ብሕጊ ይውሰን።

3. መንግስቲ፡ ምእንቲ ሃገራዊ ረብሓን ጥቕሚ ህዝብን፡ ብግቡእ ሕጋዊ መስርሕ፡ ዝግባእ ካሕሳ ብምኽፋል ንብረት ክወስድ ይኽእል።

## ዓንቀጽ 24 - ምምሕዳራዊ ፍትሒ

1. ዝኾነ ምምሕዳራዊ ጉዳይ ዘልዎ ሰብ፡ በቲ ዝምልከቶ ምምሕዳራዊ በዓል ስልጣን ብኣኽብሮት ክስማዕን፡ ቅልጡፍን ርትዓውን መልሲ ክረክብን መሰል ኣለዎ።

2. ዝኾነ ምምሕዳራዊ ጉዳይ ዘልዎ ሰብ፡ መሰላቱ ወይ ረብሓታቱ ምስ ዝትንከፍ ወይ ምስ ዝሕደግ ግቡእ ምምሕዳራዊ መአረምታ ክግበረሉ መሰል ኣሎዎ።

## ዓንቀጽ 25 - ግቡእ ዜጋታት

ኩሉ ዜጋ እዚ ዝስዕብ ግቡኣት ኣለዎ፡-

1. ንኤርትራ እሙን ምኳን። ንምዕባሌኣን ንራህዋኣን ከኣ ምስራሕ፣

2. ንምክልኻል ሃገር ድልው ምዃን፣

3. ሃገራዊ ኣገልግሎት ምፍጻም፣

4. ሃገራዊ ሓድነት ምድንፋዕ፣

5. ንቅዋም ምኽባርን ምክልኻልን፣

6. ናይ ካልኦት መሰል ምኽባርን፣

7. ብሕጊ ዝእዘዙ ግቡኣት ምፍጻምን።

## ዓንቀጽ 26 - ደረት መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን

1. በዚ ቅዋም እዚ ዝተዋሕሰ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን፣ ንረብሓ ሃገራዊ ጸጥታ፡ ንህዝባዊ ድሕነት ወይ ንቑጠባዊ ድሕነት ሃገር፡ ንምሕላው ስነ-ምግባርን ጥዕናን፡ ንምክልኻል ዕግርግር ወይ ገበን፡ ንምዕቃብ መሰልን ሓርነታትን ካልኦት ተባሂሉ ክድረት ይከኣል።

2. በዚ ቅዋም እዚ ንእተዋሕሰ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝድርት ዝኾነ ሕጊ፡-

   ሀ. ምስ መትከላት ደሞክራስን ፍትሕን ዝሳነ፣

ለ. ሓፈሻዊ ተፈጻምነት ዝህልዎን ንቐንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ኣብ ሕቶ ዘሎ መሰል ዘየወግድን፣

ሐ. ናይቲ ምድራት ትሕዝቶ ብንጹር ዝገልጽን፡ እቲ ናይ ምድራት መዝነት እተመስረተሉ ናይዚ ቅዋምዚ ዓንቀጽ ዝረቍሕን ክኸውን ኣለዎ።

3. ናይዚ ዓንቀጽ እዚ ንኡስ-ዓንቀጽ(1)፡ ኣብ ናይዚ ቅዋም እዚ ዓንቀጻት 14(1) (2)፡ 15፡ 16፡ 17(2) (5) (7) (8)፡ 19(1) ንእተደንገገ መሰላትን ሓርነትን ክድርት ኣይፍቀድን።

## ዓንቀጽ 27 - ህጹጽ ኩነታት

1. ድሕነት ሃገር፡ ጸጥታን ርግኣትን መንግስቲ፡ ብኲናት፡ ብወራርን ብሓፈሻዊ ህውከትን ኣብ ሓደጋ ምስዝኣቱ፣ ወይ ኣብ እዋን ባህርያዊ ሓደጋ፣ ፕረዚደንት ኣብ ወግዓዊ ጋዜጣ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ወይ ኣብ ገለ ክፋል ህጹጽ ኵነታት ከም ዘሎ ክእውጅ ይኽእል።

2. እቲ ኣብ ትሕቲ ናይዚ ዓንቀጽ እዚ ንኡስ - ዓንቀጽ (1) ዝወጽእ ኣዋጅ፡ ብሃገራዊ ባይቶ ብኽልተ-ሲሶ ድምጺ ናይ ኵሎም ኣባላቱ ክይጸደቕ ኣይረግእን። ስለዚ ፡ ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣብ ኣኼባ ምስ ዝህሉ ኣብ ውሽጢ ኽልተ መዓልቲ፣ እንተ ዘይኰነ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ንህጹጽ ኣኼባ ተጸዊዑ ክጽድቖ ኣሎዎ።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀጽ (2) ብሃገራዊ ባይቶ ዝጸደቐ ኣዋጅ ህጹጽ ኲነታት፡ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ክጸንዕ ይኽእል። ሃገራዊ ባይቶ ከኣ ብኽልተ-ሲሶ ድምጺ ኲሎም ኣባላቱ ነቲ ኣዋጅ ኣብ ሓደ እዋን ንሰለስተ ወርሒ ክናውሖ ይኽእል።

4. ሃገራዊ ባይቶ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ እዚ ንዘጽደቖ ኣዋጅ ብውሳነ ክስዕሮ ይኽእል።

5. ኣዋጅ ህጹጽ ኲነታትን ብእኡ መሰረት ዝውሰድ ዝኾነ ይኹን ስጕምትን ዝውሰን ሕጋጋትን፡ ነዚ ዝስዕብ ክፍቅድ ወይ ክመዝዝ ኣይክእልን፡-

   ሀ. ዓንቀጻት 14 (1) (2)፡ 16፡ 17 (2)፡ 19 (1) ምድስካል።

   ለ. ኣብ እዋን ህጹጽ ኲነታት፡ መንግስቲ ወይ ኣብ ትሕቲ መዝነቱ ብዝሰርሑ ሰባት ንዝተፈጸመ ዘይሕጋዊ ተግባራት ምምሓር።

   ሐ. ወራርን ሓፈሻዊ ህውከትን ኣብ ዘይብሉ እዋን ወተሃደራዊ ሕጊ ምእዋጅ።

## ዓንቀጽ 28 - ኣተገባብራ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን

1. በዚ ቅዋም`ዚ እተፈቕደ እንተ ዘይኮይኑ፡ ብሃገራዊ ባይቶ ወይ ብኻልእ ለጠቕ ዝበለ ሓጋጊ ኣካል ነዚ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ተዋሂቡ ዘሎ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝግህስ ወይ ዝድርት ዝኾነ ይኹን ሕጊ ክሕገግ፡ ብፈጻሚ ኣካልን

ክፍልታት መንግስትን ከኣ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ክወስድ ኣይፍቀድን። ዝኾነ ይኹን ነዚ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝግህስ ሕጊ ወይ ተግባር ከኣ ፍሩስ እዩ።

2. በዚ ቅዋም እዚ ዝተዋሕሰ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ተነፊጉና ዝብል ሰብ፡ ንዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ክጠርዕ መሰል ኣሎዎ። ቤት ፍርዲ ኸኣ፡ መሰላትን ሓርነታትን ኣመልካቲ ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ምንፋጉ ወይ ምጥሓሱ እንተደኣ ኣረጋጊጹ፡ ነቲ መሰላትን ሓርነታትን ንምሕላውን ንምርግጋጽን፡ ከምኡ`ውን ዝወረዶ ጉድኣት ንምእራምን ትእዛዛትን ውሳኔታትን ከሕልፍ ካሕሳ'ውን ከውህብ ሰልጣን ኣሎዎ።

## ዓንቀጽ 29 - ካልኣት መሰላት

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እተዘርዘረ መሰላት፡ ካብ ናይዚ ቅዋም እዚ መንፈስን ካብ መትከላት ማሕበራዊ ፍትሕን ደሞክራስን ግዝኣተ ሕግን ንዚፍልፍል ካልእ መሰላት ኣይክልክልን።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ - ሃገራዊ ባይቶ

## ዓንቀጽ 30 - ውክልና ህዝቢ

1. ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኡ ኤርትራዊ ዜጋ ከድምጽ መሰል ኣለዎ።

2. ሃገራዊ ባይቶ፡ ወካልን ኣሳታፍን ዝኾነ ሕጊ ምርጫ የውጽእ።

## ዓንቀጽ 31 - ኣቓውማን ዕድመን ሃገራዊ ባይቶ

1. ኣብ ኤርትራ፡ እቲ ዝለዓለ ወካልን ሓጋግን ኣካል ዝኾነ ሃገራዊ ባይቶ ይህሉ።

2. ሃገራዊ ባይቶ ብህዝቢ ብእተመርጹ ወከልቲ ይቐውም።

3. ኣመራርጻ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብምስጢራዊ ድምጺ ዜጋታት ይፍጸም።

4. ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ወከልቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ እዮም። ኣብ ምፍጻም መዝነቶም ከኣ፡ ብዕላማታትን መትከላትን ቅዋም፡ ብረብሓ ህዝብን ሃገርን ብሕልናኦምን ይምርሑ።

5. ዕድመ ሃገራዊ ባይቶ፡ ድሕሪ ሓፈሻዊ ምርጫ ኣብ ሓደ ወርሒ ካብ ዝካየድ ቀዳማይ ኣኼባኡ ጀሚሩ ንሓሙሽተ ዓመታት ይኸውን። ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት፡ ሓፈሻዊ ምርጫ ንምክያድ ዝኽልክል ኣገዳዲ ኹነታት ምስ ዘጋጥም፡ ዕድመ ሃገራዊ ባይቶ፡ ብኽልተ - ሲሶ ድምጺ ኵሎም ኣባላቱ ንሽዱሽተ ወርሒ ክናዋሕ ይከኣል።

6. ሓደ ዜጋ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ኮይኑ ንኽምረጽ ዘብቅዖ ቅድመ ኩነትን ኣባልነቱ ዝስረዝሉ ኩነታትን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን ዝውስን ሕጊ ይወጽእ።

## ዓንቀጽ 32 - ስልጣንን ዕማማትን ሃገራዊ ባይቶ

1. ብመሰረት ናይዚ ቅዋም እዚ ድንጋጌታት፡-

   ሀ. ሃገራዊ ባይቶ፡ ንሰላምን ርግኣትን ምዕባለን ፍትሓዊ ኣመሓዳድራን ኤርትራ ዘገልግሉ ሕግታትን ውሳኔታትን የውጽእ፣

   ለ. ብመሰረት እዚ ቅዋም እዝን ሃገራዊ ባይቶ ዘውጽኦ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረትን እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ሰብ ወይ ኣካል ሓይሊ ሕጊ ዘሎዎ ውሳነ ክወስድ ኣይክእልን።

2. ሃገራዊ ባይቶ፡ ብዕላማታትን መትከላትን ቅዋም ክቕየድን ንምዕዋቱ ክሰርሕን ግዴታ ኣሎዎ።

3. ሃገራዊ ባጀት ምጽዳቕን ናይ ግብሪ ሕጊ ምውጻእን ስልጣን ሃገራዊ ባይቶ ይኸውን።

4. ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣህጉራዊ ስምምዓት የጽድቕ።

5. ሃገራዊ ባይቶ፡ ለቓሕ መንግስቲ የጽድቕ።

6. ሃገራዊ ባይቶ፡ ኵነተ ሰላምን ኲናትን፡ ከምኡ'ውን ኣዋጅ ህጹጽ ኵነታት የርግጽ።

7. ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣፈጻጽማ ሕግታት ናይ ምቍጽጻር ስልጣን ኣሎዎ።

8. ሃገራዊ ባይቶ፡ ብፍጹም ብዝሒ ድምጺ ካብ ኣባላቱ ንሓሙሽተ ዓመት ፕረዚደንት ይመርጽ።

9. ሃገራዊ ባይቶ፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 41 (6) (ሀ)ን (ለ)ን (ሐ)ን ብኽልተ ሲሶ ድምጺ ንፕረዚደንት ቅድሚ ናይ ስልጣን ዕድሚኡ ምእካሉ ካብ ስልጣን ከውርዶ ወይ ከውርዶን ክኸሶን ይኽእል።

10. ሃገራዊ ባይቶ፡ ብመሰረት እዚ ቅዋም እዚ ሽመት የጽድቕ።

11. ሃገራዊ ባይቶ፡ ጥርዓን ህዝቢ ዝምርምር ቀዋሚ ኮሚቴ ይምዝዝ።

12. ሃገራዊ ባይቶ፡ ቅዋማዊ መዝነቱ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኵሉ ዘድሊ ዘበለ ውሳኔታት ክሕልፍን ስጉምቲ ክወስድን፡ ቀዋምን ግዝያውን ኮሚቴታት ክመዝዝን ይኽእል።

## ዓንቀጽ 33 - ምጽዳቕ ንድፊ ሕጊ

ንድፊ ሕጊ ብሃገራዊ ባይቶ ምስ ጸደቐ ናብ ፕረሲደንት ይመሓላለፍ። ፕረሲደንት ከኣ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ፈሪሙ ኣብ ወግዓዊ ጋዜጣ ከም ዝሕተም ይገብር።

## ዓንቀጽ 34 - ኣቦ መንበር ሃገራዊ ባይቶ

1. ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኡ ብፍጹም ብዝሒ ድምጺ ካብ ኣባላቱ ኣቦ መንበሩ ንሓሙሽተ ዓመት ይመርጽ።

2. ኣቦመንበር ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣኼባታት ሃገራዊ ባይቶ ይጽውዕን ይመርሕን፣ ኣብ መንገዶ ኣኼባታት ከኣ፡ ናይ ቀዋምን ግዝያውን ኮሚተታትን ቤት ጽሕፈትን ባይቶ ስርሓት፡ የወሃህድን ይመርሕን።

## ዓንቀጽ 35 - ማሕላ

ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ነዚ ዝስዕብ ማሕላ ይፍጽም።

"ኣነ ----------------፡ ነቲ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ክኸውን ዝመረጸኒ ህዝቢ ዘሰከመኒ ሓደራ እሙንን ብቑዕን ብምዃን፡ ንሃገራዊ ቅዋም ኤርትራ ክምእዘዝን ክከላኸለሉን፡ ንሓድነትን ምዕባለን ሃገረይ ብምሉእ ዓቕመይን ሕልናይን ክጽዕትን ብ---------- እምሕል ኣሎኹ።"

## ዓንቀጽ 36 - ኣኼባታት፡ ውሽጣዊ ሕግታትን መምርሒታትን ሃገራዊ ባይቶ

1. ሃገራዊ ባይቶ ምዱብ ኣኼባታት ይገብር፡ ግዜን ንውሓትን ኣኼባታቱ ኸኣ ይውስን።

2. ሃገራዊ ባይቶ ብጻውዒት ፕረዚደንት፡ ወይ ብኣቦመንበር ሃገራዊ ባይቶ፡ ወይ ከኣ ብሓደ ሲሶ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ህጹጽ ኣኼባ ክግበር ይኽእል።

3. ምልኣተ-ጉባኤ ሃገራዊ ባይቶ ብፍርቂ ኣባላቱ ይቐውም።

4. ኣብዚ ቅዋም እዚ እንተ ዘይተወሲኑ፡ ጉዳያት ብብዝሒ ድምጺ ናይቶም እተረኽቡ ኣባላት ይውሰን። ማዕረ ድምጺ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ከኣ ኣቦ መንበር ዝደገፎ ውሳነ ይጸድቕ።

5. ሃገራዊ ባይቶ፡ ንኣሰራርሓኡ፡ ኣወዳድባን ዕማማትን ቁዋምን ግዝያውን ኮሚቴታቱን ቤት ጽሕፈቱን፡ ከምኡ`ውን ንስነ-ምግባር ኣባላቱን ንግልጽነት ኣሰራርሓኡን ዝሰርዕ ወሽጣዊ ሕግታትን መምርሒታትን የውጽእ።

## ዓንቀጽ 37 - ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶን ኮሚቴታትን

1. ሃገራዊ ባይቶ ብኣቦመንበሩ ዝምራሕ ንሃገራዊ ባይቶን ኮሚተታቱን ዘገልግል ቤት ጽሕፈት ይህልዎ።

2. እዘን ብመሰረት ዓንቀጽ 32(12) ዝቘማ ኮሚተታት፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ቅድሚኣን ቀሪቡ ብምምሓል ሓበሬታ ከም ዝህበንን፡ ከምኡ'ውን ኣድላዪ ሰነዳት ከም ዘቕርበለንን ናይ ምግባር ስልጣን ኣሎወን።

## ዓንቀጽ 38 - ግቡኣትን ሓለፋታትን ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ

1. ኲሎም ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፡ ከም ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ናይ መዝነቶም ክብሪ ክሕልውን ተመኽሊሎም ንህዝቢ ከገልግሉን ግቡኦም እዩ።
2. ሓደ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ፡ ገበን እንዳፈጸመ እንተ ዘይተታሒዙ፡ ብገበን ኣይክሰስን። ክሲ ምስ ዝቐርበሉ ሃገራዊ ባይቶ ብዝውስኖ ኣገባብ ክኽሰስ ይከኣል።
3. ሓደ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣብ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ወይ ኣብ ኮሚተታቱ ወይ ካብኡ ወጻኢ ምስ መዝነቱ ኣብ ዝዛመድ ጉዳይ ብዘቕረቦ ሓሳብን ርእይቶን ኣይክሰስን ወይ ኣይሕተትን።
4. ንሓለፋታትን ግቡኣትን ኰነታት መዝነትን ደሞዝን ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ዝምልከት ሕግታት ብሃገራዊ ባይቶ ይጸድቕ። ናይ ኹሎም ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ሓለፋታት ድማ እተሓለወ ይኸውን።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ - ፈጻሚ ኣካል

## ዓንቀጽ 39 - ፕረዚደንት፡ መራሒ ሃገርን መንግስትን

1. ፕረዚደንት ኤርትራ፡ መራሕ ሃገርን መንግስትን፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይሊታት ምክልኻልን ኤርትራ እዩ።

2. ፈጻሚ ስልጣን ሃገረ-ኤርትራ ኣብ ኢድ ፕረዚደንት ኢዩ። ፕረዚደንት ድማ ምስ ካቢኔ ሚኒስትራቱ እናተማኸረ ብመሰረት እዚ ቅዋም እዚ ኣብ ግብሪ የውዕሎ።

3. ፕረዚደንት፡ ምእዛዝ ንቅዋም፡ ህላወን ክብረትን መንግስቲ፡ ግቡእ ኣሰራርሓ ምምሕዳራዊ ትካላት፡ ረብሓን ድሕነትን፡ ከምኡ`ውን በዚ ቅዋም`ዚ እተፈልጠ ናይ ኩሉ ዜጋ መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን የረጋግጽ።

## ዓንቀጽ 40 - ናይ ዝምረጽ ፕረዚደንት ብቕዓት

ሓደ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ፡ ንፕረዚደንትነት ንኽምረጽ፡ ብትውልዲ ኤርትራዊ ዜጋ ክኸውን ኣለዎ።

### ዓንቀጽ 41 - ኣመራርጻን ዕድመ ስልጣንን ፕረዚደንት

1. ፕረዚደንት ካብ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብፍጹም ብዝሒ ድምጺ ይምረጽ። ሓደ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ንፕረዚደንትነት ንኺሕጸ ናይ 20% ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ደገፍ ክረክብ ኣሎዎ።

2. ዕድመ ስልጣን ፕረዚደንት ማዕረ እቲ ዝመርጾ ሃገራዊ ባይቶ ንሓሙሽተ ዓመት ይኸውን።

3. ሓደ ሰብ ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ንፕረዚደንትነት ኣይምረጽን።

4. ፕረሲደንት፡ ብሞት፡ ወይ ብፍቓዱ ካብ ስልጣን ብምውራድ፡ ወይ ብመሰረት ንኡስ-ዓንቀጽ (6) ካብ ስልጣን ተኣልዩ ቦታኡ ምስ ዝለቅቕ፡ ብኣቦ መንበር ሃገራዊ ባይቶ ይትካእ። ኣቦመንበር ሃገራዊ ባይቶ ኸኣ፡ ክሳዕ ካልእ ፕረሲደንት ዝምረጽ ካብ ሳላሳ መዓልታት ንዘይነውሕ ግዜ ግዝያዊ ፕረሲደንት ኮይኑ የገልግል።

5. እቲ ብመሰረት ናይዚ ዓንቀጽ እዚ ንኡስ-ዓንቀጽ (4) ፕረሲደንት ዝምረጽ ሰብ፡ ንዕላማታት ንኡስ-ዓንቀጽ (3) ከም ምሉእ ግዜ ኣይቑጸረሉን።

6. ንፕረሲደንት፡ ብኽልተ-ሲሶ ድምጺ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ካብ ስልጣን ምውራዱ ይክኣል፡-

   ሀ. ንቅዋም ብምጥሓስ ወይ ንሕጊ ብዕቱብ ብምጥሓስ ገበነኛ ኮይኑ ምስ ዝርከብ።

   ለ. ንስልጣንን ክብረትን ፕረዚደንት ዘየብቑዕ ዝገብሮ ድኽመትን ስነ-ምግባራዊ ውድቀትን ምስ ዘርኢ።

   ሐ. ስልጣን ፕረሲደንት ንምፍጻም ዘየኽእሎ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጉድለት ምስ ዘጓንፎ።

7. ሃገራዊ ባይቶ፡ ፕረዚደንት ዝምረጸሉ፡ ከምኡ`ውን ካብ ስልጣን ዝወርደሉ፡ ቅጥዕታት ብሕጊ ይውስን።

## ዓንቀጽ 42 - ስልጣንን ዕማማትን ፕረዚደንት

ፕረዚደንት እዚ ዝስዕብ ስልጣንን ዕማማትን ይህልዎ፡-

1. ኣብ ዓመት ሓንሳእ ብዛዕባ ኵነታት ሃገርን ፖሊሲታት መንግስትን ንሃገራዊ ባይቶ መደረ ምግባር፣

2. ብመሰረት ዓንቀጽ (27) ህጹጽ ኹነታት ምእዋጅ። ንምክልኻል ሃገር ኣብ ዝድለየሉ እዋን ከኣ ኩነተ ኵናት ምእዋጅ፣

3. ኣብ ዘድሊ እዋን ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ምጽዋዕን ነቲ ኣኼባ መግለጺ ምቕራብን፣

4. ሃገራዊ ባይቶ ንዘጽደቖ ሕጊ ምኽታምን ኣብ ወግዓዊ ጋዜጣ ከም ዝሕተም ምግባርን፣

5. ብሃገራዊ ባይቶ እተወሰነ ሕግታትን ውሳኔታትን ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ምርግጋጽ፣

6. ኣህጉራዊ ስምምዓት ምዝታይን ምኽታምን። ከምኡ`ውን ነዚ ስልጣን እዚ ምውካል፣

7. ብምጽዳቕ ሃገራዊ ባይቶ፡ ሚኒስተራት፡ ኮሚሽነራት፡ ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ ሃገራዊ ባንክ፡ ኣቦመንበር ርእሰ ኣብያተፍርዲ፡ ብኻልእ ናይዚ ቅዋም እዚ ድንጋጌታት ወይ ካልእ ሕግታት ብፕረዚደንት ክሽየሙ ዘሎዎም ካልኦት ሰባትን ምሻም፣

8. ብእማመ ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎትን ብምጽዳቕ ሃገራዊ ባይቶን ፈራዶ ርእሰ ኣብያተ ፍርዲ ምሻም፣

9. ብእማመ ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት ዳያኑ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ ምሻም፣

10. ኣምባሳደራትን ዲፕሎማስያዊ ወኪላትን ምምዛዝን ምቕባልን፣

11. ላዕለዎት ሓለፍቲ ሓይልታት ምክልኻልን ጽጥታን ኤርትራ ምምዛዝ፣

12. ዓንቀጽ 27(5-ለ) እተዓቀበ ኮይኑ፡ ንበደለኛታት ፍርዲ ምንካይን ምሕረት ምሃብን፣

13. ንብቑዕ ምምሕዳር ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ ምስ ምምሕዳር ሲቪላዊ ኣገልግሎት ብምምኽኻር፡ ሚኒስትሪታትን ክፍልታትን መንግስቲ ምቛም ወይ ምፍራስ፣

14. ኣኼባታት ካቢኔ ምምራሕን ንጥፈታቱ ምውህሃድን፣

15. ናብ ሃገራዊ ባይቶ ንምጽዳቕ ዝቐርቡ ንድፊ ሕግታትን ባጀትን ምእማም፣

16. ምስ ዝምልከቶም ትካላትን ሰባትን ብምምኽኻር፡ ንዜጋታት ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ተቐማጦን ኣዕሩኽን ኤርትራ፡ ናይ ክብሪ ንሻናት ምሽላም፣

17. ዓንቀጽ 52 (1) ዝተሓለወ ኮይኑ፡ ብፕረዚደንት ዝተሸመ ሰብ ካብ መዝነቱ ብፕረዚደንት ምውራዱ ይከኣል።

## ዓንቀጽ 43 - ካብ ጉዳይ ሲቪላውን ገበናውን ክሲ ናጻ ምዃን

1. ስልጣን ፕረዚደንት ዝሓዘ ሰብ፡-

ሀ. ምስ መንግስታዊ ስርሑ ከም ፕረዚደንት ብተዛማደ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ብሲቪላዊ ጉዳይ ኣይክሰስን። ኣብ ክንድኡ ግን መንግስቲ ክኽሰስ ይኽእል።

ለ. ብመሰረት ዓንቀጽ 41 (6) (ሀ)ን (ለ)ን እንተዘይኮይኑ ብገበን ኣይክሰስን።

2. ፕረዚደንት ካብ መዝነቱ ምስ ወረደ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ኣብ መንግስታዊ ስርሑ ብዝፈጸሞ ተግባር ኣብ ልዕሊኡ ንዚቐርብ ሲቪላዊ ክሲ ኣይቅበልን።

## ዓንቀጽ 44 - ፕረዚደንት ንዝነበረ ሰብ ዝወሃብ ሓለፋ

ፕረዚደንት ንዝነበረ ሰብ ዝወሃብ ሓለፋ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 45 - ማሕላ

ፕረዚደንት ዝተመርጸ፡ ነዚ ዝስዕብ ማሕላ ይፍጽም፥

“ኣነ_________________________፡ ከም ፕረዚደንት ሃገረ-ኤርትራ፡ ንቅዋም ኤርትራ ክምእዘዝን ክከላኸለሉን፡ ንህዝቢ

ኤርትራ፡ ብምሉእ ዓቕመይን ሕልናይን ከገልግሎን፡ ብ __________ እምሕል ኣለኹ። ”

## ዓንቀጽ 46 - ካቢኔ

1. ብፕረዚደንት ዝምራሕ ናይ ሚኒስተራት ካቢኔ ይህሉ።
2. ፕረዚደንት ካብ ኣባላትን ዘይኣባላትን ሃገራዊ ባይቶ ሚኒስተራት ክሸይም ይኽእል።
3. ካቢኔ ንፕረዚደንት ኣብዚ ዝስዕብ ይሕግዞ፣

   ሀ. ስርሓት መንግስቲ ኣብ ምምራሕን ምውህሃድን ምክትታልን፡

   ለ. ናብ ሃገራዊ ባይቶ ዝቐርብ ሃገራዊ ባጀት መንግስቲ ኣብ ምጽናዕን ምድላውን፡

   ሐ. ናብ ሃገራዊ ባይቶ ዝቐርብ ንድፌ ሕግታት ኣብ ምጽናዕን ምድላውን

   መ. ፖሊስታትን ውጥናትን ኣብ ምጽናዕን ምድላውን።

4. ፕረዚደንት፡ ንኣወዳድባ፡ ንኣሰራርሓ፡ ንዕማማት ስነ-ምግባርን ካቢኔን ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንትን ዝምልከት መምርሒ የውጽእ።

## ዓንቀጽ 47 - ተሓታትነት ሚኒስተራት

1. ኵሎም ሚኒስተራት፡-

ሀ. ንኣመሓዳድራን ስራሕን ሚኒስትሪታቶም ብዝምልከት ብውልቂ ንፕረዚደንት፣

ለ. ከም ካቢኔ ብሓባር ብመገዲ ፕረዚደንት ንሃገራዊ ባይቶ ተሓተቲ እዮም።

2. ሃገራዊ ባይቶ ወይ ኮሚተታቱ ንዝኾነ ይኹን ሚኒስተር ብዛዕባ ፖሊሲታትን ስረሓትን ሚንስትሪኡ ንምሕታት ብመገዲ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ክጽውዖ ይኽእል።

# ምዕራፍ ሽድሽተ - ምምሕዳር ፍትሒ

## ዓንቀጽ 48 - ኣብያተ ፍርዲ

1. ፍርዳዊ ስልጣን ኣብ ኢድ ርእሰ ኣብያተፍርድን ካልእ ብሕጊ ዝቖመ ታሕተዋይ ኣብያተ ፍርድን ይኸውን። ብመሰረት እዚ ቅዋም እዝን ካልእ ሕግታትን ከኣ ብሽም ህዝቢ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

2. ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምፍጻም ፍርዳዊ መዚ ካብ ምቁጽጻርን ምምራሕን ዝኾነ ይኹን ሰብ ወይ ስልጣን ናጻ እዩ። ፈረዶ ንሕግን ብሕጊ ንዝውሰን ስነ ምግባርን ንሕልንኦምን ተኣዘዝቲ ይኾኑ።

3. ዳኛ ኣብ ምትግባር ፍርዳዊ ስልጣን ብዝፍጽሞ ተግባራት ኣይክሰሰን።

4. ኵሉ ኣካላት መንግስቲ፡ ብመሰረት እዚ ቅዋም እዝን ካልእ ሕግታትን፡ ኣብያተ ፍርዲ ስርሖ ብግቡእን ብጽፉፍን መገዲ ምእንቲ ክፍጽምን፡ ናጽነቱን ክብረቱን ምእንቲ ክሕሎን፡ ኣድላዪ ምትሕግጋዝ ክገብር ኣሎዎ።

## ዓንቀጽ - 49 ርእሰ ኣብያተ ፍርዲ

1. ርእሰ ኣብያተ ፍርዲ እቲ ዝለዓለ ይግባይ ዝበሃሎ ቤት ፍርዲ ይኸውን። ብኣቦመንበሩ ድማ ይምራሕ።

2. ርእሰ ኣብያተ ፍርዲ

   ሀ. ነዚ ቅዋም እዚ ናይ ምትርጓምን ብዛዕባ ቅዋምነት ናይቶም ብመንግስቲ ዝወጹ ሕግታት ወይ ዝወስዱ ስጉምታት ናይ ምውሳንን በይናዊ ስልጣን ይህልዎ፣

   ለ. ብመሰረት ናይዚ ቅዋም እዚ ዓንቀጽ 41(6) (ሀ)ን (ለ)ን ፕረዚደንት ካብ ስልጣን ወሪዱ ምስ ዝኽሰስ፡ ናይ ምፍራዱ በይናዊ ስልጣን ይህልዎ።

   ሐ. ካብ ታሕታይ ኣብያተ ፍርዲ ንዝመጽእ ይግባያት ይሰምዕን ይዳንን።

3. ርእሰ ኣብያተ ፍርዲ ውሽጣዊ ኣወዳድብኡን ኣሰራርሓኡን ይውስን።

4. ዕድመ ኣገልግሎትን ብዝሕን ደያኑ ርእሰ ኣብያተ ፍርዲ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 50 - ታሕታይ ኣብያተ ፍርዲ

ስልጣንን ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ታሕታይ ኣብያተ ፍርድን ዕድመ ኣገልግሎት ደያንኡን ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 51 - ማሕላ

ኩሉ ፈራዳይ ነዚ ዝስዕብ ማሕላ ይፍጽም፡-

"ኣነ ______________ ፡ ብቅዋምን ብኻልኡት ሕግታትን ተማእዚዘ ፍትሒ ክብይን፡ ኣብ ምፍጻም ፍትሒ ንሕግን ንሕልናይን እሙን ብምዃን መዝነተይ ክፍጽም፡ ብ ______________ እምሕል ኣሎኹ።

## ዓንቀጽ 52 - ምልጋስ ፈራዳይ

1. ብምኽንያት ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ዘይብቕዓት ወይ ብምጥሓስ ሕጊ ወይ ስነምግባር፡ ብመሰረት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ንኡስ-ዓንቀጽ(2)፡ ሓደ ፈራዳይ ቅድሚ ዕድመ ስራሑ ምእካሉ፡ ብእማመ ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት ብፕረዚደንት ጥራይ ካብ ስራሑ ክልግስ ይኽእል።
2. ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ብእተወሰነ መሰረት፡ ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት ሓደ ፈራዳይ ካብ ስራሑ ኬልግስ ከም ዘለዎን ዘይብሉን መርመራ የካይድ። ኮሚሽን ፍርዳዊ

ኣገልግሎት ሓደ ፈራዳይ ካብ ስራሑ ክእለ እንተድኣ ወሲኑ ኸኣ እማመኡ ናብ ፕረዚደንት የቕርብ።

3. ፕረዚደንት፡ ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት ብዘቕረበሉ ርእይቶ መሰረት፡ ንሓደ ኣብ ትሕቲ መርመራ ዘሎ ፈራዳይ ካብ ስራሑ ክግልሎ ይኽእል።

## ዓንቀጽ 53 - ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት

1. ብመሰረት እዚ ቅዋም እዚ፡ ኣተሓራርያን ኵነታት ስራሕን ፈራዶ ዝከታተልን ብዛዕብኡ ሓሳብ ዘቕርብን ሓደ ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት ይህሉ።
2. ዝርዝር ስልጣንን ኣወዳድባን ዕማማትን ኮሚሽን ፍርዳዊ ኣገልግሎት ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 54 - ኣኽባር ሕጊ

ስልጣኑን ዕማማቱን ብሕጊ ዝውሰን ኣኽባሪ ሕጊ ይህሉ።

# ምዕራፍ ሸውዓተ - እተፈላለየ ድንጋጌታት

## ዓንቀጽ 55 - ጠቕላሊ ኦዲተር

1. ናይ መንግስቲ ኣታውን ወጻእን ካልእ ፊናንሳዊ ንጥፈታትን ዝምርምርን ዓመታዊ ጸብጻቡ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ዘቕርብን ጠቕላል ኦዲተር ይህሉ።

2. ጠቕላል ኦዲተር ብምጽዳቕ ሃገራዊ ባይቶ ብፕረዚደንት ንሓሙሽተ ዓመታት ይሸየም። ንሃገራዊ ባይቶ ኸኣ ተሓታቲ ይኸውን።

3. ዝርዝር ስልጣን፡ ኣወዳድባ፡ ዕማማት ጠቕላል ኦዲተርን ቤት ጽሕፈቱን ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 56 - ሃገራዊ ባንክ

1. ከም ማእከላይ ባንክ ዘገልግል፡ ፊናንሳዊ ትካላት ዝቈጻጸርን ሃገራዊ ባጤራ ዘመሓድርን ሓደ ሃገራዊ ባንክ ይህሉ።

2. ሃገራዊ ባንክ ብምጽዳቕ ሃገራዊ ባይቶ ብፕረዚደንት ዝምዘዝ ጠቕላል ኣመሓዳሪ ይህልዎ። ኣባላቱ ብፕረዚደንት ዝምዘዙ ቦርድ ሃገራዊ ባንክ ከኣ ይህሉ።

3. ዝርዝር ስልጣን፡ ኣወዳድባ፡ ዕማማት፡ ሃገራዊ ባንክ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 57 - ምምሕዳር ሲቪላዊ ኣገልግሎት

1. ሰራሕተኛታት ሲቪላዊ ኣገልግሎት ዝሕረዩሉ ኣብ ስራሕ ዝምደብሉን ካብ ስራሕ ዝሰናበትሉን፡ ንስነ-ምግባሮምን ግቡኣቶምን መሰላቶምን ዘነጽር ሕግታትን ዘማሓድር ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ኣገልግሎት ይህሉ።

2. ዝርዝር ስልጣን፡ ኣወዳድባ፡ ዕማማት ምምሕዳር ሲቪላዊ ኣገልግሎት ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 58 - ኮሚሽን ምርጫ

1. ብመሰረት ሕጊ ምርጫ፡ ምርጫታት ናጻን ርትዓውን ምዃኑ ዘረጋግጽ፡ ኣካይዳ ምርጫ ዘመሓድርን፡ ንዝለዓለ ጉዳያት ዝውስንን፡ ህዝቢ ብዛዕባ ምርጫታትን ካልእ ደሞክራስያዊ ኣገባባትን ከምዝፈልጥ ዝገብርን፡ ናጻን ጣልቃ ዘይብሉን ኮሚሽን ምርጫ ይህሉ።

2. ኮሚሽነር ምርጫ፡ ብምጽዳቕ ሃገራዊ ባይቶ ብፕረዚደንት ይሽየም። ዕድመ ኣገልግሎቱ ኽኣ ብሕጊ ይውሰን።

3. ዝርዝር ስልጣን፡ ኣወዳድባ፡ ዕማማት ኮሚሽን ምርጫ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 59 - ምምሕያሽ ቅዋም

1. ዝኾነ ናይዚ ቅዋም እዚ ድንጋጌ ንኽምሓየሽ ካብ ፕረዚደንት ወይ ካብ ፍርቂ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ሓሳብ ክቐርብ ይኽእል።

2. ዝኾነ ናይዚ ቅዋም እዚ ድንጋጌ፡-

ሀ. ሃገራዊ ባይቶ ብሰለስተ ርብዒ ድምጺ ናይ ኵሎም ኣባላቱ ክመሓየሽ ኣለዎ ኣሎዎ ንዚብሎ ዓንቀጽ ኣነጺሩ ንኪመሓየሽ ብምውሳኑ፣

ለ. እቲ ምምሕያሽ ድሕሪ ሓደ ዓመት ከም ብሓድሽ ብሃገራዊ ባይቶ ተዘትይሉ ብኣርባዕተ ሕምሲት ድምጺ ኩሎም ኣባላቱ ምስ ዝድገፍ፣

ክመሓየሽ ይከኣል።

ቅዋም • الدستور

ERITREA

ኤርትራ ارتريا

1997

Constitution